ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ናይ ሓዘንን ጽንዓትን መግለጺ

## ብዓለባ ሳሬት ዝተኸወለ ሰይጣናዊ ዝምድና ህግደፍን ኣል-ሸባብን
## ናብ ቅርዓት ዘውጸአ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ካምፓላ

ብዕለት 11 ሓምለ 2010 ኣብ ኡጋንዳ ርእሰ-ከተማ ካምፓላ ህይወት 74 ንጹሃት ሰባት ዝቐዘፈ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ፍጹም ኢ-ሰብኣውን ናይ ነዳያን ዝለዓለ መልክዕ ጥፍሽና መግለጺ'ዩ ኢሉ ይኣምን። እዚ መጥቃዕቲ'ዚ ንጹሃት ኤርትራውያን ሓዊሱ ኡጋንዳውያን፣ ኢትዮጵያውያንን ኣሜሪካውያንን ህይወቶም ክስእኑ ምኽንያት ኮይኑ'ዩ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ሰደግኤ ንኩሎም ግዳያት ዘርእን ዓሌትን ከይጸብጸበ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን ክገልጽን ናይ ጽንዓት ይሃብኩም መልእኽቱ ከመሓላልፍ እንከሎ፡ ነቶም ካብ'ዚ ኣርዮሳዊ ተግባር ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓታቶም ከምእርሩ ብናይ ንጹሃት ደም ዝጨቀዉ ገበነኛታት ብጥብቂ እናኾነነ፡ ብሕጊ ክዳነዩ ከም ዝግባእ ጽኑዕ እምንትኡ ምኺኑ'ውን ብምግላጽ'ዩ።

እዚ ግብረ-ሽበራውነት'ዚ ክሳብ ክንደይ ዕሩቕ ሕልናን ሞራልን ምኻኑ ዘግሃደ ዘሕዝን ፍጻመ፡ ከም "ጀብዱ" ብምርኣይ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ሰባት ዝበጸሐ ህልቂት "ሕጉስ" ምኻኑን ሓላፍነቱ ከም ዝወስድን ኣል-ሸባብ ምግላጹ፡ ኣብ ኤርትራዊ ቀጽሪ እቲ ሃንደበታዊ መርድእ ዝያዳ ክመርር ብምግባር ድርብ ናይ ሓዘን መንፈሳት ክዓስል ጌርዎ'ዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ድሕሪ መጋረጃ ኣል-ሸባብ፡ ጸፉራት የእዳው ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ምህላወን ብሩህ ብምኻኑ። ናይ'ዚ ሓቂ'ዚ መረጋገጺ ድሕረ-ባይታ ውዕሎታት ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ብፖለቲካዊ ዕትብቲ ዝዛመዶ ኣል-ሸባብን ምውካሱ ጥራይ ህጡር መረጋገጺ'ዩ።

ከም ኤርትራውያን እዚ ተረኽቦ'ዚ ነዕጽምትና በሲዑ ክሳብ ናብ ውሽጢ ከርስና ዝሰርብ መሪር ቃንዛ ሓዘን ክፈጥረልና ባህርያዊ'ዩ። እቶም ንጹሃት ግዳያት ወገናትና ኤርትራውያን፡ እቲ ብድሕሪ'ቶም ብደሞም ዝጨቀዉ ገበነኛታት ዝተሰለፈ ከኣ፡ እቲ ናይ ውሽጢ ዓድና ጉልሓይ ብምኻኑ፡ ቃንዛና ሰማይ ዓሪጉ።

ብርግጽ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንባህግን ትጽቢትን ህዝብታትና ኣምኪኑ ንሕድሪ ሰማእታትና ጠሊሙ ህዝብን ሃገርን ንብርሰት ዘሳጥሕ ዘሎ ናይ ውሽጥና ገበነኛ ስርዓት'ዩ። ስግሪ ኤርትራዊ ዶባት ኣብ ዞናዊ ክሊ'ውን ካብ ጸቢብ ጉጅላዊ ሕሳባቱ ተበጊሱ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ኲናት ብምጽሕታር ንዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታትና ዘቋሰለ ስርዓት'ዩ። ምስ ግብረ-ሽበራዊ ጉጅለታት ተመሓዝዩ ዞባዊ ርግኣትን ሰላምን ኣብ ምዝራግ ዝነጥፍ ዘሎ ልሉይ ኣርሓ ግብረ-ሽበራዊ ስርዓት'ዩ። ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብሰንኪ ጳሕታሪ ኲናት ባህሪኡ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብምንጻል ዝሕተት ስርዓት'ዩ። ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብውሳኔ ማዕቀብ ኣቢሉ ንነውራምን ስድን ባህሪ ናይ'ዚ ስርዓት ንምቑርጣጡ ክሳብ ዝበጽሕ ዝደረኸ ምኽንያት'ውን ባዕሉ እዚ ስርዓት'ዩ። እዞም ኩሎም ተግባራት እዚኦም ኣብ ባይታ እናሃለዉ፡ ኣመል ምስ መግነዝ ከም ዝበሃል ካልእ ሓድሽ ኤርትራዊ ጉድ ንምርኣይ ተዓዲልና። ነዚ ጉድ'ዚ ግን ብምስድማም ንምዕዛቡ ሕልናዊ ድልውነት ኣይጸንሓናን። ክህልወና'ውን ኣይክእልን።

ህዝብታትና ብጥሙዮምን ብዕሩቖምን፡ ካብ መንጸ-ብልዎም ዝመጹ ግብረ-ሽበራውያን ሓይልታት ብኤርትራዊ ጺጋታትን ሃብትን  እናመልመለን እናዕጠቐን ካብ ኤርትራዊ ምድሪ-ቤት እናዋፈረ ተመሊሱ ንኤርትራውያን ንጹሃት ዜጋታትና ግዳያቱ ክንከውን ብምግባሩ፡ ብጸሊም ታሪኽ ዝግለጽ ታሪኻዊ በደል'ዩ። እነሀለ ከኣ ንሞት ንጹሃት ከም ዓወት ኣል-ሸባብ ኣብ ማዕከናት ዜናታቱ ከቓልሕ እንከሎ፡ ንኤርትራውያን ግዳያት ካምፓላ ወግዓዊ ጥብቕና'ኳ ንምሃቦም ተሓሲሙ'ሎ። እዚ ከኣ ንተሓታትነት ናይ'ዚ ስርዓት ዘራጉድ ተግባር'ዩ። ኪኖ'ዚ

ድማ ንኣሰላልፋ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስን ኣል-ሽባብን ኣብ ሓደ ቀቢጸ ተስፋዊ ግብረ-ሽበራዊ መስርዕ ብጭቡጥ ምጽማዶም ዘመላኽት'ውን እዩ፡፡

ብርግጽ እዚ ሓዘን'ዚ ንዓና ኤርትራውያን መሪር'ኳ እንተኾነ ንዝለዓለ መኸተ ክንከተት ዝጽውዕ ናይ መነቓቕሒ ደወል ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ብዘጋጠመና ሓደጋ ኣላሽ ክንብል ኣይግባእን፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ንዝሰኣንዎ ውሽጣውን ግዳማውን ርጉእ ህይወት ከውሕሱን ንቡር ህይወት ብምስትምቓር ባህርያዊ ክብርታቶም ተጎናጺፎም ዋናታት ልኡላዊነቶም ክኾኑ ብሓፈሻ፡ ኣብ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ካምፓላ ግዳያት ዝኾኑ ንጹሃት ዜጋታትና፡ ኣብ ሕጋዊ ዳንነት፡ ፍትሒ ክረኽቡ ከኣ ብፍላይ፡ እዚ መድረኽ'ዚ ዘሰከመና ታሪኻዊ ሕድሪ ዝቕበል ክህሉ ኣለዎ፡፡ ነዚ ሕድሪ'ዚ ዝቕበልን ግብራውነት ዘልብሶን ከኣ፡ በቲ ተረኽቦን ብኣጠቓላሊ ኣካውና ህዝብን ሃገርን ዝተጎድአ ኣካል'ዩ፡፡

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ) በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ብግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ግዳይ ናይ ዝኾኑ ንጹሃት ዜጋታትና፡ ደሞም ብከንቱ ፈሲሱ ከም ዘይተርፍን እቶም ገበነኛታት ዝግብኦም ህዝባዊ ፍርዲ ክረኽቡ ኣብ ምግባር ግቡኡ ክፍጽም ከምዝጽዕትን የረጋግጽ። ብተወሳኺ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ነዞም ኣብ'ዚ ግብረ-ሽበራዊ ስርሒት ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ዝወዓሉ ገበነኛታትን መወልቶምን ግቡእ ኣህጉራዊ ፍርዲ ብምሃብ፡ ጸግዒ ግዳያት ምዃኑ ብተግባር ዘረጋግጽ ዕቱብ ስጉምቲ ክወስድ ንጽውዕ፡፡

15 ነሓሰ 2010<br>**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**<br>**ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ሰደግኤ**